## *ብዛዕባ ትማልን ጸባሕን ዘይሓስብ እንስሳ ጥራሕዩ።*

*እንሳሳ ከም ህይወት ዘለዎ ፍጡር መጠን፡ ክበልዕ ክሰቲ ኣለዎ። ክበልዕ ክሰቲ ድማ፡ ከከም ተፈጥሮኡ ዝዓደሎ፡ ናብ ሳዕሪ፡ ፍረታትን ስጋን ዝረከበሉ ክኸይድ፡ ኣብ በዓቲ ጉድጓድ ድዩ ጫካ ድማ ክሰፍር ኣለዎ። ብዝዓቕሙውን ካብ ጸላእትን ተጻባእትን ንዝመጽኡ መጥቃዕቲ ክከላኸል፡ ምስ ተቓራኒ ጾታ፡ ጾታዊ ርክብ ክፍጽም ክወልድ ‰.. ወዘተ ካብ ባህሪያዊ ግድነታትዮም።*

*ከከም ባህሪኡ እቲ ሳዕሪ ዝበልዕ ናብ ኣዝርእቲ፡ ቆጽለ መጽልን ፍረታትን፡ እቲ ስጋ ዝበል ዝበልዕ ናብ ንሱ ዘጥቀዐን እንስሳታት ዝርከባሉ ክኸይድ፡ ከምኡውን ናብ ማይን መዕቆቢ ዝረኽበሉ ቦታን ይኸይድ ማለት ግን፡ ድሕሪ ተመሊሱ ትማሊ ቅድሚ ትማሊ እንታይ ነይሩ፡ ታሪኽ ወለዶታቱ ይፈልጥዩ ማለት ኣይኮነን። ንጻባሕ ድሕሪ ጽባሕ እንታይ ክጋጥሞ ወይ እንታይ ክገብር ግዴታ ከም ዘለዎን ከመይ ድማ ምድላዋት ከም ዝገብርን ራእይ ወይ ቅድመ ትንበያ ኣለዎ ማለት ኣይኮነን።*

*እንስሳ ናይ ትማሊ ኣይዝክርን ናይ ጽባሕ ኣይእምትን። ንብድሕረይ ዝመጽእ ወለዶ እንታይ ከውርሶየ፡ መጻኢ ወለዶ ብታሪኽ ከመይ ክገልጸኒዩ ዝብል ሓላፍነታዊ ስምዒት የብሉን። እንስሳ ንሽዑ ( ንግዝይኡ) ጥራሕዩ ዝሓሳብ። ጾታ ርክብ ዝፍጽምውን ናይ ተፈጥሮ ግዴታ ስለ ዝኾነ ጥራሕዩ። ጾታ ርክብ ምስ ፈጸመ ክወልድ ከኣ ባህሪያዊዩ። እቲ ዝተወለዶ ንዝተወሰነ ዓመታት ፍቕርን ክንክንን ናይ ወላዲቱ ይረክብዩ። ምስ ጎበዘ ግን እታ ኣደ ኣይትከናኸኖን፡ እቲ ውላድውን ናይ ኣደ ፍቕርን ሓልዮትን የብሉን። ብሓጺሩ እንስሳ ናይ ትማሊ ሓደራ ተቐቢሉ፡ ናይ ጽባሕ ሓላፍነት ዝስከም ኣይኮነን። ጾታዊ ርክብ ፈጺሙ ክወልድ እንከሎ ዘርኢ ክትክእ ኢሉ ሓሲቡ ኣይኮነን። ክበልዕ ክሰቲ እንከሎውን ተፈጥሮ ዝዳለወሉ ጥራሕዩ ዝጥቀም። ስለዚ ከኣ ንግዝይኡ ዝነብር ራእይን ሓላፍነት ዘይብሉ ፍጡርዩ።*

*ማሕበራዊ ስነ-ፍልጠት ንወዲ-ሰብ ኣካል ኣምሳል ማሕበራዊ እንስሳዩ ክብል ይገልጾ። እንተኾነ ግን ወዲ-ሰብ ካብ ካልኦት እንስሳታት ዘቤት ኮነ ዘገዳም ዝፈልዮ ነገር ኣለዎ። ፍሉይ ናይ ምሕሳብ ተኽእሎ። ናይ ምዝካርን መጻኢ ናይ ምእማትን፡ ንኻልእ ደገፍ ምሃብን ካብ ካልእ ደገፍ ናይ ምርካብን ዘኽእሎ ፍልጠት ኣለዎ። ናይ ቅድሚኡ ዝነበሩ ወለዶታት ሕማቕን ጽቡቕን ታሪኽን ተመክሮን ይሰምዕ፣ የንብብ፣ ይምዝግብዩ። ካብቲ ሕማቕን ጽቡቕን ድሑርን ምዕቡልን ትምህርቲ ይወስድ። ነቲ ሕማቕን ድሑርን ከይደግሞ ይጥንቀቕ። ነቲ ኣወንታውን ምዕብሉን ድማ ብግቡእ ይዕቅቦ፡ ከም መወከሲ ይጥቀመሉ።*

*ወዲ-ሰብ ዝሓለፈ ይዝክር፡ ታሪኻዊ ሓላፍነት ድማ ክስከም ግዴታ ከም ዘለዎ ይፈልጥዩ። ምስ ተቓራኒ ጾታ ስጋዊ ርክብ ክፍጽም እንከሎ፡ ከምቲ ናይ እንስሳ ንግዝያዊ ስምዒታዊ ርውየት ኢሉ ጥራሕ ዘይኮነ፡ ሓሲብሉ ክወለድ ስለዚ ከኣ፡ ወሊዱ ክስዕም፡ ታሪኸይ፣ ባህለይ፣ ቋንቋይ፣ መንነተይ፣ ሃብተይ፣ ዝዕቅብ ዝወርስ ሓድጊ ክገድፍ ኣለኒ ኢሉ፡ ብርድኢት ብመደብ ዝፍጽም ፍጡርዩ። ክሳብቲ ናይ ተፈጥሮ ሕጊ ዝፈቕደሉ ዕድመ ብህይወት ንምጽናሕ ከኣ፡ ዘድልዮ መግቢ፣ ክዳን፣ መጽለሊ (ገዛ) መድሓኒት ንምርካብ፡ ደረጃ ትምህርቱን ምርምሩን ብምስፋሕን ምምዕባልን ካብ ናይ ተፈጥሮ ተጸባይነት ክወጽእ ይጽዕር። ንልግሲ ተፈጥሮ ንሱ ናብ ስደልዮ መልክዕን ትሕዝቶ ቀይሩ ናይ ምጥቃም ልዑል ተኽእሎ ዝተዓደለ ፍጡርዩ። ብደረጃቲ ዝተዓደሎ ናይ ምሕሳብ ተኽእሎ፡ ኣነ እንተ ሞይተላ ዳንዴር ኣይትብቆላ| ዓይነት እንስሳዊ ኣተሓሳስባ ዘይኮነ፡ ሕሉፍ ታሪኽ ናይ ምርካብን ብግቡእ ዓቂቡ ናብቲ ብድሕሪኡ ዝመጽእ ወለዶ ናይ ምስግጋርን ንመጻኢ ናይ ምእማትን ጥጡሕ ባይታ ምምድማድን ግዴታዊ ሓላፍነት ኣለዎ።*

*በዚ መንጽር ንዘቤታዊ ጸላኢ ህዝብታት ኤርትራ ስማዊ መንግስታዊ ጉጅለ ህግደፍ፡ ካብ ተራ ህልኽ፡ ሕነ ምፍዳይ ስምዒት ርሒቕና፡ ብሰብኣውነት፣ ሕጋውነት፣ ፖለቲካዊ ንቕሓት፡ ታሪኻዊ ሓልፍነት እስከ ንምዘኖ ንግመግሞ። እቲ ብገለ የወሃትን ተበለጽትን ውድብና መንግስትና ዝበሃል ዘሎ ሓይሊ፡ ሕጋዊ*

ኣተሃላልዋኡ፡ ፖለቲካዊ ኣረኣእያኡ፣ ዕለታዊ ተግባሩ እንታይ ይመስል? ከመይ ይግለጽ? ንሕሉፍ ህዝባውን ሃገራውን ታሪኽን ተመክሮን ዝዕቅብ፡ ንመጻኢ ወለዶ ድማ ጥጡይ ባይታ መድሚዱ ናይ ምሕላፍ ሓላፍነት ዝተሰከመ ድዩ ወይስ፡ ካብ ሰብን ሰብኣዊ መስመርን ወጺኡ ብእንስሳዊ ባህሪ ዝምራሕ ንግዝይኡ ጥራሕ ዝነብር ናይ ጥፍኣት ዕስለ?

እዚ ጉጅለ ናይ ሰባት ምትእኽኻብ ስለ ዝኾነ፡ ብናይ ሰብ ቋንቋዩ ዝዛረብ። እቲ ካብኡ ዝወጽእ ቃላት ወይ ሓሳባት ግን፡ ዝነበረ ሃገራዊ ፍቕርን ሓድነትን ዝዘርግ ዝብትንዩ። ዘይነበረ ምጥርጣርን ጽልእን ድማ ዝዘርእዩ። ስነበረ ስሩት ህዝባዊ ክርታት ደምሲሱ፡ ኣብ ራዕዲ ዝነብር ነፍሰ ፍትወታዊ ኣተሓሳስባ ኣተኣታትዩ ንሓድሽ ወለዶ ኣደናጊሩ፡ ብነዓይ ይጥዓመኒ ግዝያዊ ከብዲ ምምላእ ዝምራሕ ዝባኑ ዝቐልዐ ናይ ጥፍኣት ሓይሊዩ። ከምኡ ስለዝኾነ ከኣ ዝምረሓሉ ኮነ ዝመርሓሉ ግሉጽ ቅቡል ቅዋም ሃገራዊ ሕጊ የብሉን። ብዓይኒ ሰብኣዊ ሓልዮትን ክብረትን ካብ መስመር ሰብኣውነት ፍጮ ዝወጽአ፡ ምስ ሬሳ ዝበኣስ፡ ኣብ ዳስ ሓዘን ተኣኪቡ ዝጉይል፡ ብመሪር ስቓይ፡ ጥሜትን ዓጸቦን ዜጋታት ናይ ዓወት ክብረት ተሰሚዕዎ ዝፍሳህ ናይ ጥፍኣት ዕስለዩ። ፖለቲካዊ ኣረኣእያኡ፡ ማእከሉ ናይ ውልቀ ሰብ ዝናን ክብርን ምቅንጃውዩ። ከይደ እንተኢሉ ከኣ ጉጅላዊ ረብሓ ብዘምጽእ ጸረ-ህዝብን ጸረ-ደሞክራስያውያን ኣተሓሳስባ ዝተቓነይዩ። ተግባሩ ድማ ፋሽሽታዊዩ። እኩብ ድም ናይ ዘይህዝባውነቱ፡ ዘይሕጋውነቱ፡ ፋሽሽታዊ ተግባሩን መግለጺ ድማ፡ ብዛዕባ ትማልን ጻባሕን ዘይሓስብ እንስሳዊ ባህሪኡዩ።

ካልኣይ ክፋሉ ይቕጽል

ብሓልዮት ደሞክራስያዊ ግንባር ሓድነት ኤርትራ ዝፍኖ፡ ድምጺ ሰላምን ደሞክራስን ኤርትራ 28-10-2019